# ሄፓቲት ቢ

ሓበሬታ ንሕሙማትን መምርሕታት ኣከያይዳን። መንሹር ሓካይም ለበደ።

## ሕማም ሄፓቲት ቢ እንታይ’ዩ?

ሄፓቲት ቢ ንጸላም ከብዲ ዘጥቅዕ ሕማም ረኽሲ’ዩ፤ ቅድም-ቀዳድም ከኣ ብደምን ርክብ ስጋን ይላባዕ። ሄፓቲት ቢ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሑ ይርከብ ኣብ ገለ-ገለ ሃገራት ግን ኣዝዩ ልሙድ’ዩ። ዳርጋ ፍርቂ ካብቶም ዚለግቦም ኣባጽሕ ምንም ምልክት ሕማም ኣየርእዩን’ዮም። ምልክታት ህጹጽ ሕማም ሄፓቲት ቢ ከም ዕግርግር: ሕጽረት ሸውሃት መግቢ: ድኻም: ዘይንጹር ቃንዛ ከብዲ: ቃንዛ ኣካልን ረስንን ኪኸውን ይኽእል። ከም ሰሓ ቈርበትን ሕብሪ ጻዕዳ ዓይኒ ናብ ቢጫ ምቕያርን (ወይቦ) እውን ኬጋጥም ይኽእል’ዩ። ዚበዝሕ እዋን ኣብ ኣባጽሕ ዚኸሰት ሕማም ሄፓቲት ቢ: ኣብ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ ባዕሉ ይሓዊ፤ ለበደ ናይቲ ዝሓመመ ሰብ ከኣ ይጠፍእ። ለበደ ሄፓቲት ቢ ዝለገቦም ቈልዑ ነዊሕ (ሕዱር) ረኽሲ ኪሕዞም ሓደጋ’ሎ። ሕዱር ረኽሲ ሄፓቲት ዘለዎ ሰብ ንሰብ ኬላግብ ይኽእል፤ እቲ ረኽሲ ከኣ ጊዜኡ በሊዑ ናብ ጽንኩር መጕዳእቲ ጸላም ከብዲ ኬምርሕ ይኽእል። ምእንት’ዚ: ሕዱር ረኽሲ ዘሎዎም ውልቀሰባት ምስ ሓኪሞም ብስሩዕ ርክብ ኪገብሩ ኣለዎም፤ ምኽንያቱ: በቲ ቫይረስ ዚስዕብ ሓደጋ መጕዳእቲ ጸላም ከብዲ ዚንኪ ሕክምና ኪርከብ ስለ ዚኽእል። ናብ ሓኪም ዚግበር ምብጻሕን ኪህሉ ዚኽእል ሕክምናን ኵሉ ብናጻ’ዩ ዚግበር።
ቅድሚ ምልጋቡን ምስ ለገበካ ድሕሪ 48 ሰዓታትን ዚግበር ጸረ-ሄፓቲት ቢ ክታበት ኣሎ።

## ኣገባባት ለበደ

ሄፓቲት ቢ: ዝተለበደ ደም ምስ ዓልገታዊ መምብራና (slemhinna) ወይ ምስ ዝተጎድአ ቈርበት ርክብ ኣብ ዚገብረሉ ወቕቲ ኪላባዕ ይኽእል። ሄፓቲት ቢ ንዓቢ ሓደጋ ለበደ ኬቃልዕ ዚኽእል ኵሉ ዓይነት ርክባት ስጋ’ውን ይላባዕ። ለበደ ኣብ ስድራ ብዘለዉ ቅርርባት’ውን ኪላባዕ ይኽእል’ዩ። ለበደ ዘሎዋ ኣደ ኣብ እዋን ሕርሲ ንዕሽላ ሕማም ረኽሲ ከተመሓላልፍ ትኽእል።
ኣብ ብመርፍእ ዚግበር ምጥቃም ናርኮቲክ: ምስ ሄፓቲት ቢ ዘሎዎ ሰብ ስሪንጋን ካልእ መሳርሕን ምክፋል ኣብ ዓቢይ ሓደጋ ለበደ የእቱ።
ለበደ ብዘዕግብ ኣገባብ ብክታበት ምክልኻል ይከኣል። እቶም ክታበት ዘድልዮም ኣባላት ስድራኻን መቕርብካን: ብዘይ ክፍሊት ኪኽተቡ ዕድድል ኪወሃቦም’ዩ።

## ሄፓቲት መዓስ ይላባዕ?

ሄፓቲት ቢ ብምትሕቝቓፍ: ብምስዕዓምን ብንብዓትን ኣይላባዕን’ዩ። ቀልቀል: ሽንቲ: ተምላስ ወይ ደም ዘይተሓወሶ ዓኽታ’ውን ኣየመሓላልፍን’ዩ። ኣብ ዘይቈሰለ ቈርበት ዝነጠበ ደም’ውን ናይ ለበደ ሓደጋ የብሉን።

## ንጥፈት ሞያ

ለበደ ሄፓቲት ቢ: ካብቲ ንቡር ሞያዊ ናብራኻ ወይ ትምህርትኻ ኣየታርፈካን’ዩ።
ይኹን’ምበር: ለበደ ኪኽሰት ሓደጋ እንተሎ: ሳሕቲ: ኣብ ስራሕ: ኣብ ፕራክቲክ ወይ ኣብ ካልእ ንጥፈት ናይ ምስታፍ ዕድልካ ቍሩብ ናይ ምድራት ተርእዮ ኬጋጥመካ ይኽእል’ዩ።

## ጥንሲ ሕርስን

ለበደ ዘለዋ ነፍሰ-ጾር ኣብ ሕርሳ ንዕሽላ ከተመሓላልፍ ትኽእል’ያ። ምእንትዚ’ዩ ኹኣ ኵላተን ነፍሰ-ጾራት ኣብ ማእከል ሕክምና ኣደታት ምርመራ ሄፓቲት ቢ ኪገብራ ዕድል ዚወሃበን። እቲ ዕሽል ቈልዓ ለበደ ሄፓቲት ቢ ከይለግቦ ምእንቲ: ብቕጥታ ድሕሪ ሕርሲ ጸረ-ሄፓቲት ቢ ክታበት ይጅመር።

## ኣፍኣዊ: ርሕማውን መሃንቱሳውን ርክብ ስጋ ኣብ ዚፍጸመሉ ኮንዶም ምጥቃም

ኮንዶም: ንለበደ ሄፓቲት ቢን ካልኦት ብግብረ-ስጋ ንዚላብዑ ሕማማትን ኣብ ምክልኻል ድንቂ ዝኾነ መጋበሪያ’ዩ። መጻምድትኻ/መጻምድትኺ ካብ ሄፓቲት ቢ ብዩን እንተ ዘይኮይኑ (ቅድሚ ሽዑ በቲ ሕማም ዝተለኸፈ/ት ወይ ክታበት ዝወሰደ/ት): ርክብ ስጋ ተጀሚሩ ክሳብ ዘብቅዕ ኮንዶም ምጥቃም የድሊ። ርሕማዊ ኮንዶም (femidom ኮንዶም ደቂንስትዮ) ምጥቃም’ውን ኪከላኸል ይኽእል’ዩ ዚብል ግምት ኣሎ፤ ግን ገና ብሳይንሳዊ ኣገባብ ኣይተገምገመን ዘሎ። ኣብቲ ’ስሊክላፕ’ (slicklapp) ዚበሃል’ውን ተመሳሳሊ ግምገማ ምግባር ይከኣል’ዩ። ዝኾነ ኾይኑ: ሰብ ንኹሉ ዓይነት መከላኸሊ ኣብ ዚጥቀመሉ ወቕቲ: እቲ ርክብ ስጋ ተጀሚሩ ክሳብ ዘብቅዕ መከላኸሊ ምጥቃም የድሊ።

## ምንጪ ለበደ ምንዳይ

ካልኦት ለበደ ኪህልዎም ዚኽእል ውልቀሰባት ነቲ ሕማም ብቐጻሊ ከየላብዑ ምርካቦም ኣገዳሲ'ዩ። ምእንት'ዚ ምንዳይ ምንጪ ለበደ ይካየድ፤ እዚ ማለት: ንስኻ ነቲ ምንጪ ዘናዲ ብዓል መዚ: እቶም ለደበ ኣልጊቦሙልካ ከይኮኑ - ወይ ኣልጊብካሎም ከይትኸውን ዚጥርጠሩ ሰባት ምሕባር'ዩ። ኣብ ዕማም ምድላይ ምንጪ ለበደ ክትሳተፍ ግቡእ ኣሎካ። መንነትካ ነቶም ዝተራኸብካዮም ሰባት ኣይቃላዕን'ዩ።

## ንኻልኦት ከይትልብድ ክትክተሎም ዘድልየካ ምኽርታት ጽሬት

- ንእሽቶ ቊስሊ እንተለካ'ውን መሸፈኒ (ቺሮቶ) ግበረሉ።
- ጨርቂ ቊስሊ ኣብ ምቕያር ሰብ እንተ ሓጊዙካ: እቲ ሰብ ጋንቲ ፕላስቲክ ኪጥቀም ኣሎዎ።
- ቅድሚ ብደም ዝተጸየቐ ማተርያል (ጨርቂ ወረቐት) ምድርባይካ ብጥንቃቐ ጠቕልሎ።
- ደም ዝተጸየቐ ክዳን ብሓጻቢት ማኪና ይሕጸብ።
- ንቑጣ ደም: ንኣብነት ኣብ ምድሪ-ቤት ዝነጠበ: ብዚድርበ ወረቐት ተወልዊሉ ይጐሓፍ. ብድሕር'ዚ ብማይን ሳምናን ብጥንቃቐ ተሓጺብ።

## ንኻልእ ሰብ ከይትልብድ እቲ ዝሕክመካ ሓኪም ዚህበካ መምርሒታት

- ሓኪምካ የድሊ'ዩ ዚብሎ ምርመራ ንምግባር ግድን ዳግማይ ምብጻሕ ሓኪም ክትገብር ኣለካ።
- ሕክምና ስኒ ወይ ካልእ ዓይነት ሕክምና ክትገብር ከለኻ: ደምካ ሕማም ለበደ  ከም ዘሎዎ ግድን ክትሕብር ኣለካ።
- ክትውቀጥ ወይ ክትስቈር እንተ ደሊኻ: ወይ ካልእ ዓይነት በሊሕ መሳርሒ ዘድልየሉ እሞ ደም ኪፈስስ ዚኽእለሉ ጒዳይ ክትገብር ከለኻ፤ ንኣብነት ስቑሬን-ኣካል (piercing): እቲ ጒዳይ ቅድሚ ምጅማሩ ደምካ ሕማም ለበደ ከም ዘሎዎ ግድን ክትሕብር ኣለካ።
- ንሓኪምካ ሓብር ጸረ-ሄፓቲት ቢ ክታበት ዘድልዮ መጻምድቲ ወይ ኣባል ስድራ ከም ዘሎካ ነቲ ዚሕክመካ ሓኪም ሓብር።
- ቅድሚ ርክብ ስጋ/ካልእ ዓይነት ቅርርብ ምፍጻምካ: ሄፓቲት ቢ ከም ዘሎካ ንመጻምድትኻ ክትሕብር ግቡእ ኣሎካ። እዚ ንኹሉ ዓይነት ርክብ ስጋ/ንጥፈት ዚምልከት'ዩ። ኮምዶም/ፈሚዶም/ስሊክላፕ ክትጥቀሙ እንተ ኾይንኩም'ውን ሄፓቲት ቢ ከም ዘሎካ ንመጻምድትኻ ግድን ክትሕብር ኣሎካ።
- መጻምድቲ ጸረ-ሄፓቲት ቢ ብዩን (immun) እንተ ዘይኮይኑ (ቅድሚ ሽዑ በቲ ሕማም ዝተለኽፈ/ት ወይ ክታበት ዝወሰደ/ት) ከምዚ ዚስዕብ  ይግበር:- መትሎ ኣብ ርሕሚ: ኣብ መሃንቱስ ወይ ኣብ ኣፍ ብምእታው ኣብ ዚግበር ርክብ ስጋ: ተጀሚሩ ክሳብ ዘብቅዕ ኮንዶም ምጥቃም የድሊ።
- ሓደ ሰብ ኣብ ቊስሊ ቈርበቱ: ኣብ ዓይኑ: ኣብ ኣፍንጭኡ ወይ ኣብ ኣፉ ደም እንተ ነጢብዎ: ብህጹጽ ብማይ ይሓጽቦ። እቲ ደም ለበደ ሄፓቲት ቢ ከም ዘሎዎን: እቲ ውልቀሰብ ናጻ ክታበት ዘድልዮን ዘየድልዮን ሓሳብ ንምርካብ: ብህጹጽ ምስ ማእከል ኣገልግሎት ሕክምና: ዝቐረበ ክሊኒክ ረኺሲ ወይ ከኣ ምስ 1177/መምርሒ ሕክምና (ቮርድጋይደን) ርክብ ኪገብር ትሕብሮ።
- ከም መላጸዩ: መፋሕፍሒ ስኒ ዝኣመሰሉ ኣቑሑ ሽንቲ ቤት ምስ ካልኦት ኣይትካፈል።
- ናርኮቲክ ብመርፍእ ትውጋእ እንተ ኾይንካ: ናይ ውልቅኻ ስሪንጋን መርፍእን ተጠቐም፤ ናትካ መውግኢ ካልኦት ኪጥቀሙሉ ኣይተፍቅድ። ናይ ሓባር መሐወሲ ኩባያ ናርኮቲክ ወይ ካልእ ኣቕሓ ብሓባር ኣይትጠቐም። መውግኢ መሳርሒ: ሓደጋ ኣብ ዘየስዕበሉ ቦታ ይቀመጥ።
- ደም: ዘርኢ(ስፐርም): እንቋቑሖ ወይ ክፍሊ ኣካል ንፍልሰት (transplantation) ክትልግስ ኣይፍቀደካን'ዩ።

ሄፓቲት ቢ ብመሰረት ሕጊ ለበደ: ካብቶም ንማሕበረሰብ ሓደገኛታት (allmänfarlig sjukdom) ተባሂሎም ዚፍለጡ ሕማማት ሓደ'ዩ። ስለዚ ሓኪምካ ዚህበካ መምርሒታት ክትክተል ግቡእ ኣሎካ። ነቲ ኣብቲ እትቕመጦ ኣውራጃ (län) ዘሎ ሓኪም ምክልኻል ለበደ (smittskyddsläkaren) እውን ነቲ ዝተዋህበካ መምርሒታት ዳግመ-ርእይቶ ኪገብረሉ ክትጠልብ ትኽእል ኢኻ።